

*ኣብ ዝሓጸረ እዋን፡ ኣብ ሓደ ምዓልቲ፡ኣብ ሙሉእ ዓለም: ሰላማዊ ስልፊ ኣብ ኣፍ ደገ ኤንባሲ ኢትዮጵያ ክግበር እዋኑ እዩ!*

*ኣብ ሙሉእ ዓለም ትነብሩ ኤርትራውያን፡-*

*ከምዚ ንሰምዖ ዘለና: ኢሳያስ ኣፈወርዊ በይኑ ምስ ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዘሎ ስምምዕ ንዓና ንኤርትራውያን ክምዘይውክል ንከንሕብር ኣብ ሓደ ምዓልቲ ኣብ ሙሉእ ዓለም ሰላማዊ ሰልፊ ንክንገብር ይጽውዕ። እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣፍ ደገ ናይ ኢትዮጵያ ኤንባሲ ክኸውን ኣለዎ።*

*ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝቢ ዝተገብረ ናይ ሰላም ውዕል ንድግፍ፡ እቲ ካልእ ኩሉ ዝተገብረ ስምምዕ ግን ስክፍታ ከምዘለና ክንገልጽ እዋኑ ስለዝኾነ፡ ከይውዓልና ከይሓደርና ተቃውሞናን ስክፍታናን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከነፍልጥ ይግባእ።*

*ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ሓደጋ ኣለው። ኣብ ጉዳይና ዓኖት ኮይና ትም ክንብል ኣይግባእን።*

*ኣብ ዘዘለናዮ ሃገር ብዝቐልጠፈ ተጠራኒፍና ተቃውሞና ከነስምዕ ክንጅምር ኣለና።*

*ኣምላኽ ንሃገርናን ህዝብናን ይሓልው!*

*ኤልሳ ጭሩም*